## እቲ "ናጽነትና..ክብረትና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ እተኻየደ፡ ዓቢን ምዕሩግን ህዝባዊ ሰልፊ፡ ተቐማጦ፡ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን ብዓወት ተዛዚሙ!

ጽምብል መበል 21 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ተቐማጦ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን፡ እቲ ንካልኣይ መዓልቲ ዝቐጸለ በዓሎም፡ ዓርቢ 25 ግንቦት ድማ ምእንቲ እታ ዓባይ ዕለተ-ትንሳኤ ጣዕመ ሓርነቱ ንምስትምቓርን፡ ኣሻሓት ህዝቢ እተሳተፎ ናይ ድስ-ደስ ሰፊሕ፡ ምዕሩግ፡ ውዕውን ሰልፊ ተኻይዱ፡፡

ተሳተፍቲ ከ-ካብ ዝነብርሉ ስፍራታት ከም ቆጸርኦም ሰዓት 10 ናይ ንግሆ ኣብ'ቲ ዝተመደበሎም ኣደባባይ፡ ፊት ኣዳራሽ ዋይት ሃውስ ምስ ተኣኻኸቡ፡ ልክዕ ሰዓት 10፡30 ነቲ ዘበገሶም ጉዳይ ንምጅማር፡ ህዝቢ፡ ነታ ጽላል ናጽነት ዝኾነት ሰንደቕ ዓላማ እናኣምበልበሉ፡ ብዓውታ ብድሙቕ ዕልልታ፡ ናይ ዮሃና ጭርሖ እናጨርሑ፡ ደጋጊሞም "ናጽነትና ክብረትና'ዩ" እትብል ናይ'ቲ ጽንብል መሪሕ ቴማ እናቃልሑ፡ ንኣስታት ክልተ ሰዓታት ኣብ'ቲ ብርቱዕ ጸሓይ ዝዓብለሎ ስፍራ፡ ኣብ ክቢ እቲ ኣዳባባይ ኮሊሎም።



እወ! ምእንቲ እታ ዓባይ ዓርቢ፡ ቅድሚ 21 ዓመታት፡ ብርሃን ናጽነት ዘብረቐት ዓርቢ! እወ! ዓርቢ እታ ጸላኢ ጸራረጊ.ጋ ዘዕረበት ዕለት ንምዝካር፡ ኣብ ኣፍደገ መቓምጦ ፕረሲደንት ኦባማ..በቲ ሓደ ጽንዓቱን ሓድነቱን ምስ ምንግስቱን ዘለዎ ቅድዊ ዝምድና ንምርግጋጽ፡ እቲ ኻልኣይ መልእኽቲ ድማ፡ እቲ ኣብ እዋን ምምሕዳሩ ብሰበ-ስልጣናት መንግስቱ ዝግበር ዘሎ በደላት ንክእረም ተሪርን ሓያልን ጻዊዐት ኣመሓላሊፎም።

ካብ'ዚ ብምቕጻል፡ ካብ ኣደባባይ ዋይት ሃውስ፡ ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ዝኸውን ግዜ ዝወሰደ፡ ልዕሊ ሰለስተ ኪሎሜተር ዝርሕቐቱ ምረሻ፡ ብዝተፈላለየ ጎደናታት እናተጓዕዘ፡ ኣንፈቱ ናብ ቅርዓት ካፒቶል ሂል ብምቕናዕ፡ በቲ ዝሓልፍዎ ዝነበሩ ሰፋሕቲ ጽርግያታት፡ ዝሓልፉን ዝንቀሳቐሱን ዝነበሩ ኣሽሓት ኣመሪካውያን ነበርቲ'ታ ኸተማ፡ ሃነን ዘብል ስሕበትን ድምቀትን እትውንን ሰንደቕ-ዓላማኦም ከተምበልብል ዝተዓዘቡ፡ ጭርሖታት ብተምሳጥ ክቓመቱ፡ ዕልልታ መዝሙር ሰላም ከስተማቕሩ፡ ጻዊዕቱ ክሰምዑን፡ እቲ ዝነበረ ወንን መንፈስን ሰልፈኛታት፡ክዕዘብዎ ኪኢሎም እዮም። እዚ ድማ ሓደ ካብቲ ነቲ ሰልፊ ዕዉት ዝገበረ መሰናድኦ እዩ ኔሩ።



ትሕዝቶ ሰልፊ ከምወትሩ ብጽፈቱ ዘንጸባርቕ ውርዙይ ኣተሓሕዛ ኤርትራውያን እኳ እንተኾነ፡ ብፍላይ ኣብ'ዚ ዕለት እዚ ዝያዳ ውዕውዕን ሰሓብን ዝገበሮ ተደራቢ መንፈስ ናጽነት፡ እቲ ኤርትራዊ ጭውነት፡ ሓለፉ ኔርዎ። ይዋእ ኣብ'ዚ ፌስታ'ዚ ዘይወዓለ እዩ ኸኣ ዘብል።



ሰልፈኛታት፡ ኣብ'ቲ ናይ መወዳእታ ዝተዳለወሎም ስፍራ፡ ኣብ ቅርዓት ህንጻ ባይቶ ኣመሪካ ምስ በጽሑ፡ ነቶም ምእንቲ እዛ ክብርቲ ዕለት ዝወደቑ ብሉጻት ስውኣቱ ክዝክር ንሓደ ደቒቕ ብጽሞና ድሕሪ ምድናን፡ ቀጺሉ ኣቦ ወንበር ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፡ መንእሰይ መኮነን ገብረማርያም፡ ንተሳተፍቲ፡ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻኹምን ምስጋናን፡ ሰናይ ትምኒትን ዮሃና ድሕሪ ምቕዳም፡ ነቲ ፍሉይ ጽንብል ዝምልከት መግለጺ ንተሳተፍቲ  ኣንቢቡ። ኣብ መግለጺኡ፡ "ኤርትራና ሳላ ዘይጽዓድ ጽኑዕን ተባዕን ዓቃልን፡ ስሙርን ጥሙርን ህዝባዊ መኸትና፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለ፡ ውዲታትን ሕልምታትን ጸላኢ ሴሩ፤ ሎሚ ኤርትራ ኣብ ዘተኣማምን ድልዱል ውሑስ ደረጃ ዕብየት ረጊጻ ኣላ፤ እዚ ዕብየት'ዚ ክሳብ'ቲ እንብህጎ ጥርዚ በጺሑ መዕለቢና እነረጋግጽ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዘሎ ህዝብና በዚ ሒዝዎ ዘሎ፡ መኣዝ መኸተ ጉዕዝኡ ክቕጽል፡ በዚ ኣጋጣሚ መብጽዓና ነሐድስ። ኣብ ጎድኒ መንግስትና፡ ኣብ ጎድኒ'ቲ ዋልታ ጽንዒ ዝኾነ ሰራዊትና እውን ከምወትሩ" ክብል መደርኡ ምስ ዛዘመ፡ ብምክትታል፡ ኣቦ ወንበራት ህግደፍ፤ ሃማድኤ፡ መንእሰያት ህግደፍ እውን በቢ-ተራ ተመሳሳሊ መግልጽን ናይ እንቋዕ ኣብ'ዚ ኣብጽሓና ናይ ሰናይ ትምኒት መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።
ነቲ በዓል ንምድማቕ ዝተፈላለየ ስነ ጥባበዊ ትሕዝቶታት ብመንእሰያትን ዓበይትን በቢ.ተራ ቀሪቡ፡፡



ነዚ ሰልፊ እዚ ዝወደበ፡ ዝኣለየ ዝመርሐ፡ እቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ውዳበኡን ስፍሓቱን እናተገተረ ዝኸይድ ዘሎ ሓይሊ መንእሰይ ወለዶ እዩ። እቲ ቅድሚ ሹድሽተ ሸውዓተ ዓመታት እገብር ታተ ዝብል ዝነበረ መንእሰይ፡ ሎሚ ሓያልን ንቑሕን ውፉይን፡ ተካኢ መኸተ ኮይኑ ጸርዩ ተኾሊዑን ወጺኡ ኣሎ። መደርግቲ ዘይበሉ ምኳኑ ድማ ብግብሪ ዘመስከረ ኣብ'ዚ ጽቡቕ ኣጋጣሚ እዩ። ሰልፈኛታት ነዚ ጸጋ ምስ ርኣዩ ድማ ተበሲሮም፤ ቀሲኖም ተሓቢኖም፡፡



ከምኡ እውን ኣብ'ዚ ሰልፊ፡ ካብ ርሑቕ ከተማታት ብኣውቶብስ ዝተጓዕዙ ሰብ ሓደ ልቢ፡ ካብ ከተማ፡ ባልቲሞር፡ ፊላደልፊያ፡ ሪችሞንድ፡ ኒው-ዮርክ፡ ሃሪስበርግን ቦስቶንን ከምዝነበሩ፡ ነቲ ምዕሩግ ሰልፊ ዝያዳ መዓርግን ሚዛንን ዝህብ'ዩ ኔሩ።

ኣብ መዛዘሚ ስልፊ ብዝተፈላለየ ድሙቕ ሃገራዊ ደርፍታት ተሰንዩ፡ ብሳዕሲዒትን ጓይላን ሓጎሱ ገሊጹ። ዝኸረ ሰማእታት ብምግባር፤ ክፋኖ ከሎ፡ ንዓመታ ብሰላምን ሓጎስን፡ ብጥሙራትናን ስሙራትናን ናይ መበል 22 ዓመት ጽንብል ክንራኸብ እናበለ ሰናይ ትምኒት እናተላዋወጠ፡ ነናብ ቦትኡ ብሰላምን ብዓወትን ተፋንዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ስውኣትና ንዘላአለም እዘከሩ!
ርሑስ በዓል ናጽነት!
ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፡ ዋሽንግቶንን ከባቢኣን፡